# ጽውጽዋይ።

## ንመንግስት እድግፍ፣ ንህግደፍ ግን እቃዎሞ ንዝብል እንታይ ንበሎ?

ኣብዚ ሰሙንዚ ካብ ዘጋጠማኒ ዕላላት ሓንቲ ዕላል ኸዕልለኩም። ብጋጣሚ ምስ ሓደ ኤርትራዊ ሓውና እራኸብ። ድሕሪ ሰላምታን ኩነታት መነባብሮን ምልውዋጥና፡ ከምቲ ኩልና እንብሎ እንታይ ኣሎ ሓድሽ ነገር ኢለ እሓቶ። እንታይ ዋላ ሓንቲ ብወገነይስ፡ ብወገንካኸ ኢሉ ይሓተኒ። ብወገነይ'ውን ዳርጋ ኮምኢ እዩ እዞም ተቛወምንቲ ኢና ዝብሉ ንጥቅምቲ 17 2016 ኣብ ኒውዮርክ ህንጻ ሕቡራት መንግስታት ኣፍደገ ጸረ መንግስትና ሰላማዊ ሰልፊ ከገብሩ ይሸባሸቡ ኣሎዉ ሰሚዕካዶ እብሎ። እወ በጃኻ ሰሚዔ ኢሉ እምልሰለይ። ኣስዕብ ኣቢለ እሞ እንታይ ርኢይቶ ኣሎካ እብሎ። ብወገነይ ነቲ ዝብሉዎ ነገራት ዝድግፎ ኣሎ፡ ዝቋዎሞውን ኣሎ ይብል። ቀጺለ ካብ መልሱ ምርኩስ ብምግባር፡ እንታይ ትድግፍ ነይናይከ ትቋዎም ኢለ ሕቶይ ይቕጽል። ከምዚ ዝስዕብ መልሲ ይህበኒ።

ኣነ ንመንግስቲ (መንግስቲ ኤርትራ ማለቱ እዩ) እድግፎ እየ። እቲ ኩሉ ዘሰላስሎ ዘሎ ልምዓት ዋላኳ እኹል ኣይኹን እምበር የተግብር ኣሎ። ንህግደፍ ግን ፈጺመ እየ ዝቋዎሞ። በዚ ምኽንያት እዞም ሰላማዊ ሰልፊ ከገብሩ ዝሸባሸቡ ዘለዉ ብሓደ ወገን ቅኑዓት ኣለዉ፡ በቲ ካልእ ከኣ ኣብዚሐሞ ጉጉያት እዮም ኢሉ ዘለዎ ትሕዝቶን እምንቶን ገለጸለይ። ኣመላልስኡ ኣይጸላእኩዎን፡ ምኽንያቱ ከምዚ ዝመሰል ሓሳብ ካብ ሃለዎ ብስፍሕ ዝበለ ትንተናታት ክገልጸለይ ይኽእልዩ ካብ ዝብል እምነት ተበጊሰ ብንጹር ምስ ምሳሌታቱ ኣሰንዩ መደገፊኡን መቛዎሚኡን ከብርሃለይ ተወከስኩዎ። ቅድም ንመንግስቲ ዝድግፈሉ ምኽንያት፡ ብድሕሪኡ ከኣ ንህግደፍ ዝቋዎመሉ።

እወ( ህድእ ኢሉ) ርኤኻ ህዝባዊ ግንባር ናጽነት ከምጽእ ከሎ ብጀካ ብረት ካብ ጸላኢ ዝማረኾ ካልእ ዋላ ሓንቲ ትሕዝቶ ኣይነበሮን። ዝሕግዝኡ ሃገራትውን ኣይነበራን። ምናልባት ገለ ሃገራት ቁሩብ እቶኽባ ነረን ከኾና ይኽእላ። ኣብ ሃገርና ውን ዝነበረ ፋብሪካታት ይኹን ጎደናታት ምስናይ ህንጻታቱ ደርጊ ኣዕኒዩዎ እዩ። መንግስቲ ካብ ዜሮ ተበጊሱ እዚ ንርእዮ ዘሎና ቁሩብ ምዕባለታት ኣብ ኩሉ ሸንኻት ጌሩ ኣሎ። ብዓቢኡ ከኣ እቲ ህዝቢ ተዛማዲ ዝኾነ ሰላም ኣለዎ። ካብቲ ኣብ ግዜ ደርጊ ሰዓት ሓሙሽተ (5 ድሕሪ ቀትሪ ማለቱ እዩ) ከም ማሓስእ ኣብ ገዝኡ ዝዳጎን ዝነበረ ኣይኮነን። ክሳብ ድላዩ ሽናዕ ክብል ይውዕልን ይሓድር ኣሎ። ብዙሕ ዲጋታት ሓጽብታት፡ ሕክምናታት ቤት ትምህርትታ ጽርግያታት ኣስሪሑ ኣሎ። ከገርመካ ዓድና ቀደም ትረፍዶ ማኪና ኣድጊ'ውን ብጋዳ እያ ትድይቦ ኔራ። ሎሚ ግን ጽርግያ ብማእከል ዓዲ ሰንጢቑ ይሓልፍ። በዚ መሰረት መንግስቲ ይድግፎ።

ህግደፍ ዝጸልኣሉ ምኽንያትውን ሓቲትካኒ እንዲኻ፣ ኩሉ ስልጣን ባዕሉ ብሒቱዎ። 1) ኣብ ሃገርና ቁዋም የሎን። ኤርትራ ብዘይ ቁዋም እያ ትኸይድ ዘላ። 2) ዲሞክራሲ ዝበሃል የሎን። 3) ነጻ ምንቅስቓስ የሎን። 4) ምክልኻል ዓመታቱ ወሰን ዘይብሉ ኾይኑ። 5) መሰል ሃይማኖታት ዘይሕሉ ። 6) ምርጫ የሎን፡ ክንደይ እሊሞ ክጽብጽቦ፡ እዚ ኩሉ'ዚ ህግደፍ ዝገብሮ ዘሎዩ። ሃይለማሪም ደሳለኝ ዋላ ኣስመራ ከይደ ምስ ፕረሲደንት እሰያስ ምእንቲ ሰላም ክዘራረብ እኽእል እየ ኢሉ ከሎ ህግደፍ ግን ኣብዮሞ። ስለዚ በዝን ካልኦት ብዙሓት ምኽንያታትን ንህግደፍ ዝጸልኦ ክብል ገለጸለይ። ድሕሪ ምድጋፉን ምቁዋሙን ዝሃበኒ መግለጺታት ምስማዕ ሓደ ነገር ክግንዘብ ኪኢለ። ብቕዓቱ። ምኽንያቱ ንህዝባዊ ግንባር ይሙጉስ፡ መንግስቲ ዘሰላስሎ ዘሎ ምዕባለታት የመስግንን ደገፉ እገልጽን፡፡ ተገምጢሉ ከኣ ንህግደፍ እኹንን።

ካብዘን ኩለን ናይ ደገፍን ተቛውሞን ዝሃበኒ መግለጺታት ማለት “ ህግደፍ መሰል ሃይማኖት ኣይሕሉን” ክብሎ ዝኸኣለ ምኽንያት ክገልጸለይ ተወከስኩዎ። ገለ ሃይማኖት ውግእ ዘይድግፉ ኣሎዉ። ህግደፍ ተሰለፉ ምስ በሎም ሃይማኖትና ኣየፍቅደልናን እዩ ኢሎም ኣብዮም። ህግደፍ ከኣ ኣሲሩዎም ሰጉጉዎም። እዋ ስማዕ እንዶ ንድር ኢሉ፡ እንድሕሪ ሃይማኖቶም ዘየፍቕደሎም ኮይኑ ህግደፍ ስለምታይ ዘገድዶም። መሰል ሃይማኖቶም ገፊፉዎም ማለትዶ ኣይኮነን በለኒ። ሓንቲ ምስላ

ትዝ በለትኒ። “ ሰብ መሲሉኒ እምኒ ቆንጥየ “ ትብል። ድሕሪዚ ዓቕሙ ክመዝን ስለ ዝኸኣልኩ ዕላልና ምቕጻል ግዜ ምጥፋእ ምዃኑ ገመትኩ። ግን ከቋርጽ ከኣ ኣይመረጽኩን። ስማዕ እንዶ ኩልና ሃይማኖት ኣሎና። ኣብ ኤርትራ እተን ካብ ጥንቲ ዝነበራ ሃይማኖታት ኩለን ብማዕረ ኣብ ኲናት ንነጻነትን ድሕነት ሎላውነት ሃገርን ምእመናትን ኣሳቲፈን ኣሰዊኤን እየን። ብኡ መሰረት ከኣ ሰላም ተረኺቡ። ኣብ ሃገራዊ ድሕነት ግደኣ ዘይተበርከት ሃይማኖት ካበይ ዝመጸት እያ? ማእሰርትን መስጎግትን'ውን ክቐላ። መን ዝተሰዋኣላ ነጻነት እያ ከተስተማቕር ንስኻኸ ካብኣ ዲኻ ኢለ እምንቶይ ገለጽኩሉ። ኣስዒበ ብዛዕባ መንግስትን ህግደፍን ዘይነጻጸሉ ኣካል ምዃኖም ንምርድኡ ካብ ብዙሕ ቃላት ብሓንቲ ስእሊ ናቕፋ(ባጠራ) ከረድኦ ፈተንኩ።






እዚኣ ሓንቲ ናቕፋ እያ። ክልተ ገጽ ከኣ ኣለዋ። ንሓደ ገጻ ሕጋዊ ባጠራ እዩ እኣምነሉ እየ ኢልካ፡ ነቲ ካልኣይ ገጽ ግን ኣይህጋውን እዩ ኣይኣምነሉን ክትብሎ ከምዘይከኣል፡ መንግስቲ ኤርትራን ህግደፍን ከኣ ከምኡ እዩ። መንግስቲ ምድጋፍ ማለት ህግደፍ ምድጋፍዩ፡ ህግደፍ ምድጋፍ ማለት፡ መንግስቲ ምድጋፍ ማለት እዩ። ተቓሊሶም ዝኣተዉ መንግስቲ ዝመርሑ ዘለዉ እዮም እቶም ኣብ ህግደፍ ዘለዉ። ስለዚ መንግስትን ህግደፍን ክልተ ዘይነጻጸሉ ገጽ ናይ ሓደ ናቕፋ እዮም። ብምባል ከረድኦ ፈተንኩ። ብኡ ከኣ ዕላልና ደምደምና።

እዞም ንመንግስትና ክቋወሙ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና እገዳ ክጸንዕ ብጥቅምቲ 27, 2016 ኣብ ኣፍደገ ሕቡራት መንግስታ ህንጻ ነው ዮርክ ተዓኒዶም ዝነበሩ ሰፊሕ ኣረኣእያ ዘይብሎም፡ ንሓቂ ዓይኖም ዝዕሙቱ፡ ንሓሶት ዘምልኹ፡ መጋበርያ ጸላእቲ ህዝብና ዝኾኑ፡ ኣተሓሳስብኦም ልክዕ ከምዚ ሓውና እዮም። ንመንግስቲ ጸሊእና ምእንቲ ህዝቢ ኢና ንቃለስ ዝብሉዎ፡ መንግስቲ ህዝቢ ፡ ህዝቢ መንግስቲ እዩ። ብስም መንግስቲ ጸሊእና ኣናበሉ ሰላም ህዝቢ ክዘርጉ ሒኽ ዝብሉ ዘለዉ። ጽባሕ ሽይላ ድያ ወይስ ስሚትዝ ከማልኡዎም። ወያኔ ንጉጅለ ኣዋሳ ኣይጠቐሙን።

ሕጂውን እቲ ግዜ ኣሎ፡ ምስቶም ገበኖም ቀይሕ መስመር ዝሰገረ ኣይትሰዓቡ። ህልኽ ቁምነገር የብሉን። ሓሶት ፍትሒ ኣየምጽእን። ድርቅና ዕንወት ድኣንበር ዕቤት ኣይልግስን። ኣብ ልብኹም ተመለሱ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ሞጎስ ንምክልኻል ሓይልታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።